# እንቋዕ ብሰላም ናብ Unikum መጻእኩም

ናይ ኡምዮ ኮሙን መዋዕለ-ሕጻናት፡ መባእታዊ ኣብያተትምህርቲ፡ ከምኡ ውን ፍሉይ መባእታዊ ኣብያተትትምህርቲ፥ ነቲ **Unikum** ዝተባህለ "መምሃሪ-ፖርታል" እዮም ዚጥቀሙ። ዕላማ ናይ'ዚ ድማ፡ ንስኻትኩም ብዛዕባ ውላድኩም ኣብ መዋዕለ-ሕጻናትን ኣብ ቤትትምህርቲን ዝገብሮ ተሳትፎ፥ ብዝያዳ ንምክትታል ክቃለለልኩም ብማለት እዩ። ኣብ **Unikum** ኣቲኹም፡ ብኩራት ከተመዝግቡ፡ ሓበሬታ ክትረኽቡ ከምኡ'ውን ናይ ውላድኩም ናይ ፍልጠቱ ዕብየት ደረጃ ክትከታተሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብኸመይ እጅምር?

ንስኹም ከም ወለዲ መጠን ን Unikum ብኽልተ ኣገባብ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም፡ - ቡቲ ብመርበብ ኢንተርነት ዝርከብ Unikum ወይ ከኣ ቡቲ Unikum Familj ዝብሃል ብኣፕ ዝርከብ ኣገባብ። ንሕና ነቲ Unikum Familj ዝብሃል ኣፕ ክትጥቀሙ ኢና እንላበወኩም።

ወለዲ ናብቲ Unikum ንምእታው ብመገዲ ኤለክትሮኒካዊ ሰነድ መንነት e-legitimation ኣቢሎም ይኣትዉ። ኣብ ክንዲ ወላዲ ወይ ቤተሰብ ወላዲ እንተኾንኩም እሞ ናብ Unikum ክትኣትዉ ድማ እንተደሊኹም፡ ወይ'ውን ምናልባሽ ባንካዊ ሰነድ መንነት BankID ክትጥቀሙ ዘይትኽእሉ እንተኾንኩም፡ ንምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ተወከሱ።

**ኣስተብህሉ!** እቲ ኢመይልኩምን ናይ ሞባይል ይኹን ናይ ቤት ቁጽሪ ቴለፎንኩምን ምስቲ ኣብ Unikum ሰፈሩ ዘሎ ሓበሬታ፡ ሓደ ዓይነት ድዩ፤ ግጉይ ሓበሬታ ኰይኑ እንተጸኒሑ፡ ናብ ምምሕዳር ኮሙን/ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ፡ ኣብ ማህደር እቲ ኮሙን ቅኑዕ ሓበሬታ ከምዝሰፍር ግበሩ። ዝኾነ ኢመይል እንተዘይብልኩም፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ዘውጽኦ ይኹን ዝልእኮ ሓበሬታ ብ Unikum ኣቢሉ ናባኹም ምእንቲ ክበጽሕ፡ ሓደ ኢመይል ኣብ Unikum ከተእትው ኣገዳሲ እዩ። ስምኩም ወይ ኣድራሻኹም ብጌጋ ተጻሒፉ እንተሎ፡ ንቤት ጽሕፈት ግብርን ምዝገባ ህዝብን Skatteverket ኬድኩም ክትረኽብዎም ኣለኩም።
[Ändra dina kontaktuppgifter]

### Unikum ብመገዲ መርበብ ኢንተርነት

ብመገዲ መርበብ ኢንተርነት ኣቢልኩም ናብ Unikum ብምእታው፡ ንኹሎም ንጥፈታት ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡ ኣየናይ መሳርሒ ትጥቀሙ ኣለኹም ዘገድስ ኣይኰነን። Unikum ኣብ መርበብ ኢንተርነት፡ ብቛንቋታት ሽወደንን እንግሊዝን ተዳልዩ ኣሎ፡ Google översätt ንኽትጥቀሙ ዘኽእለኩም መተርጎሚ'ውን ኣሎኩም። እቲ መእተዊ፡ በዚ ዝስዕብ መርበብ [www.umea.se/skolportal] ኣቢልኩም ትረኽብዎ።

### እቲ Unikum familj ዝብሃል ኣፕ

Unikum familj ዝብሃል እቲ ንወለዲ ዝኸውን ኣፕ እዩ። ኣብ [Google Play] (Android) ወይኣብ [App Store] (iOS) ኣቲኹም ክትደልዩ እንከለኹም፡ "Unikum Familj" ዝብል ቃል ጸሓፉ እሞ፡ ነቲ ኣፕ ድማ ኣውርድዎ። ኣብኡ ሓበሬታ፡ ሰሌዳ ሰዓታት ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን መሕተቲ ብኩራት ክትረኽቡ ኢኹም። ሓንሳእ ምስ ኣተኹም፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ እትኸፍቱሉ ካልእ እዋን፡ ከም ብሓድሽ ደጊምኩም ምእታው ኣየድልየኩምን እዩ። እቲ እትጥቀሙሉ ኣብ ንነዊሕ ግዜ ንጡፍ ከይኰነ እንተጸኒሑ ግን፡ ኣብታ ትኣትዉላ ግዜ፡ ከምብሓድሽ ጽሒፍኩም ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ እዋን እዚ Unikum Familj ብቛንቋታት ሽወደንን እንግሊዝን ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ይርከብ

[YouTube - Unikum familj] *Hämta Unikum familj till iPhone (iOS)* *Hämta Unikum familj till Android*

እቲ መእተዊ ብUnikum Familj ኣቢሉ ዝካይድ ኰይኑ ኣብኡ ድማ “Andra sätt att logga in” ዝብል ወይ ከኣ ” Umeå kommun för vårdnadshavare” ዝብል ብምምራጽ ክትኣትዉ ትኽእሉ።

## ሓበሬታ ርኸቡ

ከም ወላዲ መጠን ኣብ Unikum ንዓኹም ዘገድስ ዝኾነ ለውጢ እንተተጌሩ፡ ነቲ ሓበሬታ ብኽልተ ኣገባብ ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም፡

- መተንባህታታት ኣብቲ ናይ Unikum ፈላሚ ገጽ መርበብ ኢንተርነት ይወጽእ።
- ብለይቲ ድማ ንዓኹም ዝምልከት እኩብ መተንባህታታት ኣብ ኢመይልኩም ይመጽእ። እዚ ግና ኣብ Unikum ኣቲኹም ንረቛሒታት ተጠቃምነት ምስተቐበልክምዎን፡ ኣብ ኢመይልኩም ድማ መተንባህታታት ንኽመጻእኩም ከም ዝተሰማማዕኩም ኣብቲ መመዝገቢ ምስ ሓበርኩምን እዩ። ኣብ መዓልቲ ዝተዋህበኩም ሓበሬታ፡ ከም ኢመይል ኰይኑ ኣይለኣኽን እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ኣብቲ Unikum Familj ዝብሃል ኣፕ፡ ዝኾነ መተንባህታታት/ንጥፈታት ኣይርኣን እዩ ዘሎ። መተንባህታታት ብመገዲ ኢመይል ክመጽኣኩም እንተደኣ መሪጽኩም ግን፡ እቲ ንዓኹም ሓድሽ ዝኾነ ኣየናይ ሓበሬታ ምዃኑ፡ ኣብኡ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ን Unikum ብዝምልከት ሓገዝ የድልየኩም’ዶ?**

ኣብ www.umea.se/skolportal ብምእታው ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ መዋዕለ-ሕጻናትን እቲ ቤት ትምህርትን ውን ብርግጽ ክሕግዙኩም ይኽእል እዩ። Unikum ናይ ”ደገፍ-ፖርታል” ውን ስለ ዘሎዎ፥ ነቲ Kom igång - förälder till ett barn i förskolan ወይ ነቲ Kom igång - Förälder till elev i grundskolan ዝብል ኣቲኹም ርኣይዎ።